# ምዱብ ሥራሕ ወይ ሥራሕ ተልመደን (ፕራክቲክ) ነ ቶም ዕቑባ ሓቲትኩም ዘለኹምን ዝነበርኩምን

**ኣብ ጉዳይ ሕቶ ዕቑባ መልሲ ኣብ እትጽበዩሉ እዋን ርእስኹም ክትክእሉ ቅድም-ቀዳድም ሥራሕ ክትሠርሑ ኣለኩም፣ መሰል ሥራሕ እንተ ደኣ ኪህልወኩም ኮይኑ ስሩዕ ናይ ሥራሕ ፍቓድ ከም ዘይምልከተኩም (AT-UND) ዝብል ምስክር ወረቐት ኪህልወኩም ኣለዎ፣ መሰል ናይ (AT-UND) ንኽህልወኩም እምበኣር ። -**

– መንነትኩም ዘረጋግጸልኩም ሰነድ እንተደኣ ኣቕሪብኩም። እዚ ማለት ድማ ስምኩምን ። ዕለተ-ልደትኩምን ። ዜግነትኩምን ብንጹር ከረጋግጸልኩም ዚኽእል ሰነድ ምቕራብ ማለት'ዩ፣ እዚ ዚተባህለ ሰነድ ስእልኹም ዚለገቦ ኮይኑ። ካብ ንጉዳዩ ዚምልከቶ መንግሥታዊ ኣካል። ዚተዋህበ ኪኸውን ኣለዎ። (AT-UND) ክትረኽቡሉ እትክእሉ ካልእ ኵነት እውን ኣሎ፣ እዚ ድማ መንነትኩም ከረጋግጸልኩም ዚኽእል ሰነድ እንተዘይኣቕሪብኩም ግን መንነትኩም ንምንጻር ብዝተኻእለኩም መጠን ምስ ሚግራሹንቨርከት ምስእትተሓባበሩ'ዩ፣

– ጉዳይኩም ኣብ ሸወደን ምስዝረአ። ንኣብነት ሓንቲ ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር ረጊጽኩም ዚመጻእኩም እንተኾንኩም። ብመሰረት መምርሕታት ሕጊ ዳብሊን ኣብቲ ዚነበርኩሞ ሃገር ተመሊስኩም ጉዳይኩም ኣብኡ ኪረአ ይኽእል'ዩ፣ ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ሕጊ ዳብሊን ኣብዚ ተመልከቱ፣

– ጉዳይኩም ርኡይ መሠረት ምስዘይህልዎ። እዚ ማለት ድማ ንፖሊቲካዊ ዕቑባ ዘውህብ ምኽንያት የብልኩምን ማለትዩ፣

እዞም ዝተጠቕሱ ጠለባት እንተደኣ ኣማሊእኩም **(AT-UND)** ከም ዝተፈቕደኩም ዚምስክር ኣብቲ **LMA**-ካርድኹም ይጸሓፍ፣ ጉዳይካ እንተተነጺጉ። ክሳብ ካብ ሃገር ትወጽእ ወይ ካብ ሃገር ንምውጻእ ትተሓባበር ክትሰርሕ ይፍቀደካ፣

ጉዳይካ ቅቡል እንተኮይኑ። ፍቓድ ስራሕ ትወስድ ስራሕካ ከኣ ከምቲ ዝነበርካዮ ትቕጽል፣ ሓዲስ ስራሕ ክትረክብ ናብ ናይ ሥራሕ ቤት ጽሕፈትክትከይድትኽእልኢኻ፣

ተወሳኺሓበሬታኣብናይኣርበትስፎርመድሊንወብ-ሳይት **www.arbetsformedlingen.se** ክትረክብትኽእል

**(AT-UND)** እንተደኣ ተፈቒዱልኩም። ኣብቲ እትነብሩሉ ኮሙን ምስዚርከብ ናይ ሥራሕ ቤት ጽሕፈት ክትራኸቡ ትኽእሉ፣

## ዕቑባ ሕቲትኩም ኣብ ትጸንሑሉ ጊዜ ምስራሕ

ስራሕ እንተደኣ ረኺብኩም (AT-UND) ከም ዘሎኩም ንወሃብ ስራሕ ከተርእዩ ኣሎኩም፣ ወሃብ ስራሕኩም ድማ ስራሕ እንተቖጺርኩም ንሚግራሹንቨርከት ብጽሑፍ ክሕብር ኣለዎ፣ እዚ ሓበሬታ'ዚ ናብቲ ተመጊብኩምሉ ዘሎኹም ቤ/ጽ ናይ ሚግራሹንቨርከት ክለኣኽ ኣለዎ፣ ወሃብ ስራሕ። ንዕቑባ ሓተትቲስራሕ ምቝጻር። ዚብል ኦርኒክ/ፎርም ቍ. 152011 ክመልእኣሎዎ፣ እዚእውንኣብናይሚግራሹንቨርከትወብ-ሳይት (www.migrationsverket.se) ይርከብ'ዩ፣ ንመነባብሮኹምካብሚግራሹንቨርከትትኽፈሉእንተደኣኮንኩም እዚ ካብ ስራሕ እትረኽብዎ እቶት ክትሕብሩ ኣሎኩም፣

ንቤ/ጽ ቀረጽ'ውን ንመስርሕ ዘቃልል ፍሉይ ቁጽሪ ምእንቲ ክህበኩም ክትሕብሩ ኣሎኩም፣ እዚ ቁጽሪዚ ዳሕራይ ናይ ስራሕ ፍቓድ ኣብ እትሓቱሉ ጊዜ። ዕቑባ ሕቲትኩም ውሳነ ትጽበዩ ኣብ ዝነበርኩሙሉ እዋን ትሰርሑን ቀረጽኩም ድማ ትኸፍሉ ምንባርኩምን ንምርኣይ ይጠቕመኩም፣ ካልእ ረብሓ ናይ'ዚ ቁጽሪዚ እውን ብምኽንያት ሕማም ምኽንያት ካብ ስራሕ ኣብ እትቦኹሩሉ ጊዜ ክትሰርሑ ኣብዘይትኽእሉሉን። ኣምሳያ እቶትኩም ንኽትክፈሉ ስለዘኽእለኩም እዩ፣

## ሥራሕ ተልመደን ከም ሓታቲ ዕቑባ

ሥራሕ ተልመደን (ፕራክቲክ) ኣብ ሞያዊ ናብራ ሸወደን ፍልጠት ክትድልብ ይሕግዝ፣ ብኣድማዒ ኣገባብ'ውን ቋንቋ ሸወደን ክትመሃር የኽእልካ፣ ናይ'ዚ ዕላማ ድማ ወይ ብሓዲስ ሞያ ፍልጠት ክትቕስሙ ወይ ከኣ ኣብ'ቲ ኣቐዲሙ ዚነበረኩም ሞያ ፍልጠትኩም ከተዕሙቕ'ዩ፣ጀመርቲ ተልመደን ኮይንኩም ኣብ ትሠርሑሉ ወቕቲ ዚወሃበኩም እቶት የልቦን፣

ቅድሚ ሥራሕ ምጅማርኩም ቦርድ ሚግረሽን ነቲ ዝተዋህበኩም ቦታ ፈቒዱ ምስ ወሃብ-ሥራሕ ውዕል ይኣቱ፣ ሚግረሽን ቦርድ ነዚ ዚገብር ድማ ኣብቲ ትሠርሑሉ ቦታ ዘርእየኩምን ዚድግፈኩምን መታን ክህሉን ከምኡ'ውን ገለ ምስ ዘጋጥም ውሑሳት ኮይንኩም ክትጸንሑ ንማለት'ዩ፣

ኣብዚ ወቕት'ዚ ንኣብ ሚግረሽን ቦርድ ዘሎ ተሓጋጋዚኹም ክትበጽሑ። ሓሚምኩም ወይ ቆልዓ ኣለይ-መለይ ክትብሉ ኣብ ገዛ ክትውዕሉ መሰል ኣለኩም፣

ሥራሕ ተልመደን (ፕራክቲክ) ንምጅማር ኪማልኡ ዘለዎም።-

– ቦታ ሥራሕ ተልመደን ባዕልኹም ትረኽቡ
– ወሃብ-ሥራሕ ንቦርድ ሚግረሽን ሓበሬታ ይህብ
– ቦርድ ሚግረሽን ምስታ ትካል ወይ ውድብ ውዕል ይፍርም

## ናይ ስራሕ ፍቓድ ምሕታት ዘሎ ተኽእሎ

ዝሓተትኩሞ ዕቑባ ምስዚንጸግ እውን ናይ ስራሕ ፍቓድ ንኽወሃበኩም ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም፣ እዚ ድማ ናይ ምስጓግ ውሳነ ምስ ጸደቐ ኪኸውን ኣሎዎ፣ ዝኾነ ጉዳይ

ጸዲቑ ንኽበሃል። እቲ ይግባይ ዝበሃለሉ ጊዜ። ማለት ሰለስተ ሰሙን ካብቲ ውሳነ ዝተቐበልኩሙሉ ጊዜ። ይግባይ ከይተባህሎ ምስ ዝሓልፍ'ዩ፣ እዚ ውሳነ'ዚ ካብ ሚግራሹንቨርከት ወይ ድማ ናይ ሚግራሹንቨርከት ፍርዲ ክኸውን ይኽእል፣ ካብ ናይ ሚግራሹን ላዕላይ ቤትፍርዲ ዝሓለፈ እንተደኣ ኮይኑ። ግን ብኡ-ንቡኡ እዩ ዚጸድቕ፣ እቲ ውሳነ ድሕሪ ምጽዳቑ። ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰሙን ዘሎ ጊዜ ናይ ስራሕ ፍቓድ ንኽወሃበኩም ከተመልክቱ ኣሎኩም፣

**ናይስራሕፍቓድንምርካብእንታይእዩኪማላእዘለዎ፧**

ክፍቀድ ዝከኣል። -

– ከምዕቕባ ሓታቲ/ት ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ዝኣክል ጊዜ ክትሰርሕ/ሒ እንተጸኒሕኪ/ካ እሞ እቲ ናይ ስራሕ ውዕል ካብቲ ዘመልከትኩሙሉ መዓልቲ ጀሚሩ ዚቕጽር ን 12 ኣዋርሕ ዝቕጽል እንተደኣ ኮይኑን እቲ ኣስራሒ ድማ ሓደ ክኸውን ኣሎዎ፣

– እቲ ናይ ስራሕ ውዕል ወይከኣ ቅድመ-ኰነት። እንተወሓደ ነቲ እትሰርሕዎ ዓይነት ስራሕ ዚምልከት ናይ ሓባር ውዕል ዝጠልቦ ዘማልአ ኮይኑ ርእስኹም እትክእሉሉ ደሞዝ/ኣታዊ እትረኽቡሉ ምስ ዝኸውን፣

– እቲ ዝነበረኩምን ዘሎኩምን ደሞዝ ዓቐኑ እንተወሓደ 13000 ክሮኖር እትረኽቡሉ ምስ ዝኸውን፣

– ዝምልከቶ ማሕበር ሰራሕተኛታት እውን ነቲ ተገይሩልኩም ዘሎ ናይ ስራሕ ቅድመ-ኵነት ርእይቶ ክህበሉ ኦድል ምስ ዝወሃቦ፣

– ናይ ፓስፖርትኹም ናይ ኣገልግሎት ዕድመ ከይተወድአ። ነቲ እተመልክትዎ ዘለኹም ናይ ጊዜ ንውሓት ዝሸፍን ምስ ዝኸውን፣

እቲ ናይ ስራሕ ቅድመ-ኵነትን እቲ ደሞዝን ድማ ርእስኹም ዘኽእለኩም ናይ ምዃኑ ጠለባት። ዋላ ነቲ ዕቑባ ሓቲትኩም እሞ እናሰራሕኩም ውሳነ ኣብ ምጽባይ እትጽሑሉ ጊዜ እውን እዩ ዚምልከት፣

እቲ ዝተዋህበኩም ውሳነ ክልተ ሰሙን ድሕሪ ምጽዳቑ ናብ ሚግራሹንቨርከት ከተመልክቱ ኣለኩም፣ ብኤለክትሮኒክ ማለት ብናይ ሚግራሹንቨርከት ውብሳይት ወይ ድማ ንሓደ ካብቶም ናይ ምፍቃድ ስልጣን ዘለዎም ቤት ጽሕፈታት ናይ ሚግራሹንቨርከት ከተቕርቡ ኣለኩም፣ ብኤለክትሮኒክ እንተደኣ ኣመልኪትኩም። እሞ እቲ ዘመልከትኩሞ ጒድለት ምስ ዘይርከቦ። ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ሰሙን መልሲ ይመጸኩም፣ ኣብ እተመልክቱሉ ጊዜ። ናይ ኣገልግሎት ጊዜኡ ዘየሕለፈ ፓስፖርት ተቕርቡ ምስኡ ድማ ናይ መመስርሒ ዝኽፈል ገንዘብ ትኸፍሉ፣

ወሃብ ስራሕ። እቲ ዝድለ ናይ ስራሕ ምቑጻር ቅጥዕታት ምምልኡ ንሚግራሹንቨርከት ናይ ምርኣይ ሓላፍነት ኣሎዎ፣ እዚ ድማ በቲ ሚግራሹንቨርከት ዘዳለዎ ፎርምስራሕ ምቑጻር ቁጽሪ 232011 ኮይኑ ምስቲ እተመልክትዎ መሕትት ኣተሓሒዝኩም ተቕርቡ፣

**ዘመልከትኩሞ ሕቶ ዕቑባ ምስዝንጸግ**

ሕቶ ዕቑባኹም ምስዝንጸግ ወይ ኣብ ሽወደን ፍቓድ ሰራሕ ክትሓቱ'ውን ዕድል እንተዘይብልኩም ኣብ ሃገርካ ኮንኩም ፍቓድ ስራሕ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም

ፍቓድ ስራሕ ክትረክብ ዘድሊ።-

– ቅቡልፓስፖርት፣

– ብስራሕካ ክትናበር ምኽኣል፣

– እንተወሓደ 13000 ክሮኖር ንወርሒ ዝእቶቱ ስራሕክህልወካ ኣለዎ፣

– ወሃብ-ስራሕካ ነታ ስራሕ ኣብ ሽወደንን ኣብ ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረትን እንተወሓደ ን 10 መዓልታት ኣፍሊጥዋ ክኸውን ኣሎዎ፣

– እቲ ናይ ስራሕ ውዕል ወይከኣ ቅድመ-ኵነት። እንተወሓደ ነቲ እትሰርሕዎ ዓይነት ስራሕ ዚምልከት ናይ ሓባር ውዕል ዝጠልቦ ዘማልአ ኪኸውን ኣሎዎ፣

– ዝምልከቶ ማሕበር ሰራሕተኛታት እውን ነቲ ተገይሩልኩም ዘሎ ናይ ስራሕ ቅድመ-ኵነት ርእይቶ ክህበሉ ዕድል ምስዝወሃቦ፣

**ይግባይ**

ናይ ስራሕ ፍቓድ ንኽወሃበኩም ሓቲትኩም ምስ ዘይፍቀደኩም። ይግባይ ክትብሉ ኣይትኽእሉን፣ ከምኡ ምስ ዝኸውን። እቲ ኣቐዲሙ ዝተዋህበኩም ናይ ምስጓግ ውሳነ ኣብ ስራሕ ይውዕልሞ ካብ ሃገር ትወጹ፣

**ናይ ስራሕ ፍቓድ ምርካብከ እንታይ ማለት እዩ፧**

ናይ ስራሕ ፍቓድ እንተረኺብኩም ካብቲ ተመዝጊብኩሙሉ ዚጸናሕኩም ናይ መቐበሊ ቤት ጽሕፈት ትሰናበቱ፣ መንበሪ ዝኾነኩም ገዛ ድማ ባዕልኹም ተናድዩ፣ እቲ ረኺብኩሞ ዘለኹም ስራሕ ንውሱን ጊዜ እንተደኣ ኮይኑ። እቲ ዝወሃበኩም ናይ መንበርን ስራሕን ፍቓድ እውን ንዓኡ ዝሸፍን ጥራይ ዝኸውን፣ እንተነውሐ ግን ኣብ ሓደ ጊዜ ንኽልተ ዓመት እዩ ዝፍቀድ፣

ኣብተን መጀመርያ ክልተ ዓመታት። እቲ ዝወሃብ ፍቓድ ምስ ሓደ ኣስራሕን ዓይነት ስራሕን ዝተቐየደ እዩ፣ ድሕሪ እተን ቀዳሞት ክልተ ዓመታት ግን ሓደ ኣስራሒ ኪኸውን ግድን ኣይኮነን። ዓይነት ስራሕ ኣይቅየርን፣

ድሕሪ 48 ኣዋርሕ ናይ መንበሪ ፍቓድ ትረኽቡ፣ እዚ ፍቓድዚ ምስ ትርኽቡ ኣቲ ኣቐዲሙ ተወሲኑልኩም ዝነበረ ናይ ንስጋግ ብይን ጠጠው ይብል፣

ካብ ስራሕ ምስትወጹ። እሞ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ ስራሕ እንተደኣ ዘይረኺብኩም። ሚግራሹንቨርከት ነት ኣፍቂዱልኩም ዝጸንሐ ናይ መንበሪ ፍቓድ ክስሕቦ ይኽእል እዩ፣ ኣብ ሓደ-ሓደ ኵነታት እውን ሓዲሽ ናይ ስራሕ ፍቓድ ክወሃበኩም ከተመልክቱ ኣሎኩም፣

**ንምስጓግ ዝሓለፈ ውሳነኸ እንታይ ይኸውን፧**

ናይ ስራሕ ፍቓድ ንኽወሃበኩም ምሕታት ማለት። እቲ ናይ ሃገርኩም ንምምላስኩም ዝግበር ምቅርራባት ኣብቂዑ ኣዩ ማለት ኣይኮነን፣ እቲ ናይ ስራሕ ፍቓድ ንኽወሃበኩም እተቕርብዎ ኣቤቱታ ብቑዕን እኹልን ምኽንያታት እንተደኣ ኣልይዎ ወሳኒ ተራ ይህልዎ፣

ናይ ስራሕን መንበርን ፍቓድ እንተደኣ ኣልይኩም። ክሳብቲ ዝተፈቐደልኩም ንውሓት ጊዜ ኣብ ሽወደን ክትጸንሑ ትኽእሉ፣ ንምስጓግኩም ዝሓለፈ ውሳነ ግን ክሳብ ቀዋሚ ናይ መንበሪ ፍቓድ እትረኽቡ ኣይቅየርን፣

**ንኣባላት ስድራ-ቤትኩ እንተኣይ የጋጥሞም፧**

ስድራ-ቤትና/ኪ ክሳብቲ ናይ መንበርን ስራሕን ፍቓድካ/ኪ ዘገልግለሉ ጊዜ ናይ መንበሪ ፍቓድ ተዋሂቡዎም ይጸንሑ፣

ኣባላት ስድራ-ቤት ክበሃል ከሎ።-

– ሰብኣይ/ሰበይቲ። መጻምዲ ወይ ከኣ ምዝጉባት መናብርቲ
– ቆልዓ/ዑት ካብ 18 ዓመት ዕድመ ንታሕቲ ዝኾነ/ት/ኑ ናይቲ/ታ ናይ ስራሕ ፍቓድ ዘለዎ/ዋ ውላድ/ዳት በይኑ/ና። ውላድ/ዳት ማጻምዲ ወይ ምዝጉባት መናብርቲ፣

ዓመት ወይ ካብኡ ንላዕሊ ንዝኾኑ ኣባላት ስድራ-ቤት ወለዶም ዝኽእልዎም ምኽኒን ኣለዎም፣ ኣብ ሽወደን ዝነብሩ እንተደኣ ኮይኖም። እቲ ዝተዋህቦም ውሳነ ዚጸደቐ ኮይኑ። ካብቲ ዝጸደቐሉ ዕለት ዝጅምር ኣብ ውሽጢ ልተ ሰሙን ከመልክቱ ኣሎዎም፣

**ተወሳኺሓበሬታ**

ናይ ስራሕ ፍቓድ ንኽትሓቱ ከመይ ከም እትገብሩን እንታይ ማለት ከኣ ምኽኑንተወሳኺሓበሬታክትረኽቡምስእትደልዩ። ኣብወብ-ሳይት (www.migrationsverket.se)ተወከሱ፣ ኣብሃገርኩምኮንኩምብኸመይኣገባብተመልክቱ እውን ሓበሬታ ኣሎኩም፣

Migrationsverket